Metformin

**መድሃኒትኻ :- ሜትፎርሚን __mg**

**ስለምንታይ እየ ነዚ መድሃኒት እዚ ዝወስዶ ዘለኹ ?** ሽኮርያ ኣሎካ ወይ ኣብ ደምካ ብዙሕ ሽኮር ስለ ዘለካ ሽኮርያ ክህልወካ ይኽእል እዩ። ኣብ ደምካ ብዙሕ ሽኮር እንተሃልዩካ ሕማም ልቢ ፣ ወቕዒ ፣ ሕማም ኩሊት ወይ ከኣ ምስ ኣዒንትኻ ወይ መትንታትካ ጸገማት ከስዕብ ይኽእል እዩ።

---

**መዓልቲ መዓልቲ ምስ ምግቢ 1 መድሓኒት ውሰድ።**

**መዓልቲ መዓልቲ ቁርሲ ድሕሪ ምብላዕካ 1 መድሓኒት ብተወሳኺ ድራር ምስ በላዕካ እዉን 1 መድሓኒት ውሰድ።**

**መዓልቲ መዓልቲ ድሕሪ ቁርሲ ምብላዕካ 1 መድሓኒት ውሰድ፣ 1 መድሓኒት ድሕሪ ምሳሕን 1 መድሓኒት እዉን ድሕሪ ድራር ምብላዕካን ዉሰድ።**

**ነዚ መድሃኒት እዚ ኽወስድ ከለኹ እንታይ ክስምዓኒ ይኽእል ?** ሓደሓደ ግዜ መድሃኒት ምውሳድ ጎዳኢ ሳዕቤን ኣለዎ ። እዚ ጎዳኢ ሳዕቤን እዚ ንቡር ኰይኑ ኣይስምዓካን ይኸውን ። ሜትፎርሚን ምውሳድ ዘምጽኦም ቁሩብ ጕዳኢ ሳዕቤናት ዕግርግር ምባል ፣ ውጽኣት ፣ ከሽዐ ምቑጣዕ ከምኡውን ጋዝ ከጠቓልል ይኽእል ኢዩ።

ገሊኡ ጕዳኢ ሳዕቤናት ብተደጋጋሚ ዘጋጥም እኳ እንተዘይኰነ ኣዝዩ ኸቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ ። **ስለዚ 911 ደዉል ወይ ብፍጥነት ናብ ክፍሊ ህጹጽ ኩነታት ኪድ እንድሕር እዞም ምልክታት እዚኦም ኣማዕቢልካ - ቆፎ፣ ሕብጥታት ገጽ ፣ ከናፍር ፣ መልሓስ ወይ ጕረሮ፡ ፅገም ምስትንፋስ ወይ ሕፅረት ምስትንፋስ ተጋጢሙካ ወይ ከኣ ጽዑቕ ምውስዋስ ኣካላት ኣብ እትገብረሉ እዋን ምሽምቓቕ ድካም ወይ ምድካም እንተኣጋጢሙካ።**

**እንታይ ካልእ ክፈልጥ ኣሎኒ ?**

1. ዋላ እውን ጽቡቕ እንተ ተሰምዓካ መዓልታዊ ነዚ መድሃኒት እዚ ኽትወስድ ኣሎካ።
2. ነዚ መድሃኒት እዚ ኣብ ወርሒ ኽትመልእ ኣለካ።
3. ብዙሕ ማይ ስተ ብተወሳኺ ዝኾነ ይኩን ምግቢ ከየምልጠካ።
4. ኣብ ደምካ ዘሎ ሽኮር ምእንቲ ክፍተን ኣብ ነፍሲ ወከፍ 3 ወርሒ ናብ ሓኪም ክትኸይድ ኣለካ ።
5. ናብ ካልእ ቤት ጽሕፈት ሓኪም ናብ ክሊኒክ ወይ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ኩነታት እንተኼድካ ልዑል ጸቕጢ ደም ከም ዘሎካን ሜትፎርሚን ትወስዶ ኸም ዘለኻን ክትነግሮም ኣለካ።

"ናይ ጥዕና ሓበሬታ ልሓደ ስራሕ ብሓደ ዝተቐመጠ መስርሕ ትሕዝትኡ ኣፍቲ ድሕረ ገፅ ቅሩብ ዝኾነሉ ንሓበሬታ ጥቕሚ ብቻ እዩ፣ ንከም ናይ በዓል ሞያ ሕክምና ክዉሰድ የብሉን። ኩሉ ግዘ ናይ ሓኪም ምኽሪ ምድላይ ወይ ካልኦት ብቑዓት ናይ ጥዕና ጥበቃ ሓገዝቲ ንዝኾኑ ሕቶ ምስ ናይ ሕክምና ዛዕባ ወይ ምስ ዝተትሓዘ "